**መጻሕፍትን ካልኦት መራኸቢታትን ብልዕሊ 50 ቋንቋታት**
**ምዉቕ ዝበለ አቀባብላ ኣብ St. Johann ዝግነ ቤተ መጻሕፍቲ JUKIBU!**

***እቲ ቤተ መጻሕፍቲ ንመን እዩ?***
ንኩሉ ሰብ – ንህጻናት፣ ንመንእሰያት፣ ንዓበይቲ።
ካብ ቤተ ጻሕፍቲ ኣቕሑት ክትልቅሑ እንተ ደሊኹም፣ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርድ ውሰዱ። እቲ ናይ ቤተ-መጽሓፍቲ ካርድ ኣብ ኩለን ኣብ GGG Basel ናይ ከተማ ቤተ መጻሕፍቲ ዝርከባ ቤተ መጽሓፍቲን ኣብ ዲጂታላዊ ቤተ መጽሓፍትናን ቅቡል እዩ።
ብዘይ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርድ እውን ናብቲ ቤተ መጻሕፍቲ ክትበጽሑ ትኽእሉ ኢኹም።
ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዙሕ ፍጻመታት ኣለዉ እዮም።
ዋይፋይ፣ ኮምፒተራት፣ መሕተሚታት፣ ናይ ስራሕ ቦታታትን ናይ ጉጅለ ክፍልታትን፣ ጋዜጣታትን መጽሔታትን ኣለዉና።
ምብላዕን ምስታይን ይፍቀድ እዩ።

***ንኣቑሑት ንምልቃሕ ዝኸውን ናይ ቤተ-መጻሕፍቲ ካርድ ብኸመይ ይረከብ?***
ስእላዊ መለለዩ ሰነድ ኣርእዩ። መሳርሕትና ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት፣ ሕግታትን ክፍሊትን ብሓጎስ ክገልጹልኩም እዮም። እቶም ካርዲታት ንቆልዑ ብነጻ እዮም።
ኩሉ ሓበሬታ ኣብዚ ክርከብ ይክኣል፦ www.stadtbibliothekbasel.ch

***ክንደይ ኣቕሑት ክለቃሕ ይኽእል?***
እንተበዝሐ 15።

***ነቲ ኣቑሑት ንኽንደይ ግዜ ክሕዞ ይኽእል?***
ብሓፈሻ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን። ነቲ ናይ ምምላስ ዕለት ኣብቲ ናይ ልቓሕ ቅብሊት ወይ ድማ በቲ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርድኹም ናብ ሕሳብኩም ብምእታው ናይ ምምላስ መዓልቲ ክትሪኡ ትኽእሉ ኢኹም። ካብዚ ንላዕሊ ድዩ ዘድልየኩም? ብነባራይ ልቓሕ ክሳብ ሰለስተ ወርሒ ክናዋሕ ይከኣል እዩ።
ነቶም ኣቕሑት ናብ ዝኾነ ማንኛውም ናይ GGG ቤተ-መጻሕፍቲ ክትመልስዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ነቶም ኣቕሑት ደንጉኹም እንተመሊስኩም፣ ናይዝደንጎይኩምሉ ዝኽፈል ክፍሊት ክህሉ እዩ።

***ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርደይ ጠፊኡኒ እዩ። እንታይ ክገብር ኣለኒ?***
ምስጥእፍአኩም ብህጹጽ ንዓና አፍልጡና። ነቲ ካርድ ምእጋድ ብነጻ እዩ። ንመተካእታ ካርድ ዝኸውን ወጻኢታት ኣሎ።
ካርድኹም ጥራይ ድዩ ጠፊኡኩም? ከምኡ እንተኾይኑ ኣቕሑት ንምልቃሕ ፎቶ መለለዪ መንነትኩም ኣርእዩ። ካርድኹም ኣብ ናይ GGG ከተማ ቤተ መጻሕፍቲ መተግበሪ ክትዕቅቡዎ ትኽእሉ ኢኹም።

***ኣገደስቲ ደንብታት***
ኩሉ ሰብ ኣብዚ ምቾት ክስምዖ ይግባእ። ጐሓፍን ጫውጫውታን ኣወግዱ ከምኡ'ውን ንኻልኦት በጻሕቲ ኣብ ግምት ኣእትዉ። በጃኹም ኣቕሑት ብጥንቃቐ ሓዙ። ኣቑሑት እንተጠፊኦም ወይ እንተተበላሽዮም ክፍሊት ክትከፍሉ ክትግደዱ ኢኹም። ኣቑሑት ባዕልኹም ከይትትክኡ።

***ደንብታት***
እታ መጽሓፍ ክትመልስዋ ደሊኹም ናበይ ክትገብርዎ ከም ዘለኩም ርግጸኛታት ኣይኮንኩምን? ነታ መጽሓፍ ናብቲ መቐበሊ ወይ ኣብ ጠረጴዛ ወይ ኮፍ መበሊ ኣቕምጥዎ።
በጃኹም ኩሎም ቁንጣሮ ናይ ሰሌዳ ጸወታታት ኣብ ዝምለሱሉ እዋን ኣብ ቅኑዕ ሳንዱቕ ከምዘለዉ ኣረጋግጹ።

**ካልእ ሕቶታት ኣለኩም ድዩ?**
ንሕና ብብዙሕ ቋንቋታት ንዛረብ ጉጅለ ኢና፣ ሓበሬታ ብሓጎስ ክንህበኩም ኢና።
Bibliothek St. Johann JUKIBU, Lothringerplatz 1, 4056 Basel, 061 322 63 19, stjohannjukibu@stadtbibliothekbasel.ch